TIGRINYA

# NHS ከመይ ይሰርሕ፣ ንስደተኛታት ዝዓለመ መምርሒ

ናይ 24 ሰዓታት ኣገልግሎት ዝህብ ነጻ ናይ NHS መስመር 111 ብምድዋል ነጻ ናይ ጥዕና ሓበሬታን ምኽርን ክርከብ ይከኣል። ኣስተርጓሚ ብቋንቋኻ ንኽግበረልካ "interpreter please" (ብኽብረትኩ ኣስቶርጓሚ) ኢልካ ምሕታት ይከኣል።

## ፋርማሲ → መሰረታዊ መድሃኒት

በዓል ሞያ መድሃኒት (ፋርማሲስት) ንገለ ቅልል ንዝበሉ ሕማማት ከም'ኒ ሰዓል፣ ጉንፋዕ፣ ቃንዛ ጎሮሮ፣ ቅርጸት ከብድን ቃንዛን ዝኣመሰሉ መሰረታዊ ምኽርን መድሃኒትን ክህብ ይኽእል። በዓል ሞያ መድሃኒት ኣብ ዶክተር ኬድካ ክትረኤ ኣለካ ኢሉ ክሕብረካ ይኽእል፣ ወይ ብቐጥታ ናብ ካልኦት ናይ ጥዕና ስብ ሞያ ኬድካ ዘድልየካ ሓገዝ ክትረክብ ከም እትኽእል ክገብ ይኽእል። መድሃኒት ናይ ቅልል ዝበሉ ሕማማት ወይ ናይ ህጹጽ ኣገልግሎት ቀረባት ካብ ፋርማሲ ወይ ሱፐር ማርኬት ምግዛእ ይከኣል፣ ኣብ ቀረባኻ ዝርከብ ፋርማሲ ንምርካብ፣ ናብዚ ኪድ፣ www.nhs.uk/service-search/pharmacy/find-a-pharmacy

## ሓኪም ስንን ዓይን → ናይ ስንን ዓይንን ክንክን

- ሓኪም ስኒ ንምርካብ www.nhs.uk/service-search/find-a-dentist
- ሓኪም ዓይኒ ንምርካብ www.nhs.uk/using-the-nhs/nhs-services/opticians/

እንተ ደኣ ዘቕንዞ ስኒ ኣሎካ ህጹጽ ናይ ስኒ ክንክን ኣገልግሎት ንምርካብ 111 ኢልካ ደውል

## GP ወይ ማዕከን ጥዕና → ምሕደራ ጥዕና፣ ምውህሃድ ናይ ነዊሕ እዋን ክንክን ከምኡ'ውን ኣብ ሆስፒታል ናይ ስፔሻሊስት ኣገልግሎት ምርካብ

GP ናይ ጥዕናዊ ምኽሪ፣ ውጽኢት ሕክምናዊ መርመራን መድሃኒት ምእዛዝን ክሕግዝ ይኽእል። ን መብዛሕትኡ ናይ ኣካላውን ስነ-ኣእሙራውን ናይ ጥዕና ሻቕሎት ናይ መጀመርታ ተሓተቲ ክኾኑ ይኽእሉ። ከምኡ'ውን GP ናይ ነዊሕ እዋን ናይ ጥዕናዊ ክንክን ምውህሃድን ምሕደራን ከምኡ'ውን እንተደኣ ተወሳኺ ናይ ስፔሻሊስት ኣገልግሎት ኣድላዪ ኣብ ዝኾነሉ ሪፈር ናይ ምባልን ሓላፍነት ኣለዎም። ንቐጻሊ ዘድልይካ ናይ ጥዕናዊ ጠለባት ንኽማላኣልካ ኣብ GP ምምዝጋብ ኣገዳሲ እዩ። www.nhs.uk/nhs-services/gps/how-to-register-with-a-gp-surgery/

## ኮማዊ ኣገልግሎት ጥዕና → ጥንሲ፣ ክንክን ቆልዓ፣ ኣገልግሎት መከላኸሊ ጥንሲ

ገለ ሕክምናዊ ኣገልግሎት ኣብ ሆስፒታል ዘይኮነ ብደረጃ ኮም ዝወሃቡ እዮም። ከም ናይ ስነ-ኣእምሮ ጥዕና፣ ክንክን ቖልዑን ነብሰ-ጾራትን፣ ጾታዊ ጥዕናን ክሊኒክ ውጥን ስድራቤትን ዘጠቓልለ እዩ።

## ብዘይ ቆጸሮ ዝእቶ ወይ ናይ ህጹጽ ክንክን ማዕከን → ቅልል ዝበሉ ማሕሰይቲ ወይ ህጹጽ ሕክምናዊ ምኽሪ

ንቅልል ዝበሉ መጉዳእቲ ከም'ኒ ምልሕጻጽ፣ መግመይቲን ነኣሽቱ መንቃዕቲ ዝኣመሰሉ፣ ወይ ህጹጽ ሕክምናዊ ምኽሪ ንምርካብ፣ ብቐጥታ ናብ ብዘይ ቆጸሮ ዝእቶ ወይ ናይ ህጹጽ ክንክን ማዕከን ብምኻድ ብዘይ ቆጸሮ ህጹጽ ኣገልግሎት ምርካብ ይከኣል።

## ናይ ህጹጽ ረድኤት ኣገልግሎት → ህጹጽ ሕክምናዊ ኣገልግሎት ወይ ንሂወት ዘስግእ ኩነታት

ናብ 999 ደውል እንተደኣ ሓደ ሰብ ብጽኑዕ ሓሚሙ ወይ ተጎዲኡን እሞ ኸኣ ህወቱ ኣብ ሓደጋ እንተሎ። እቲ ናይ ቴሌፎን ኦፐሬተር እንታይ ክትገብር ከምዘለካ ወይ ናበይ ክትከይድ ከምዘለካ ከማኽረካ እዩ። ኣምቡላንስ ከም እትመጽእ ክግበር ይከኣል ኣብኣ ክንክን ክግበር ይከኣል ወይ ነቲ ዝሓመመ ናብ ሆስፒታል ተግዕዞ። ናይ ሆስፒታል ክፍሊ ሓደጋን ህጹጽ ረዲኤትን ((A&E) ዓመት ሙሉእ ን 24 ሰዓታት ክፉት እዩ። ነዚ ኣገልግሎት ብቐጥታን ብዘይ ቆጸሮን ክትጥቐም ይከኣል። www.nhs.uk/nhs-services/urgent-and-emergency-care-services/when-to-call-999/

## ህጹጽ ረዲኤት ስነ-ኣእሙራዊ ጥዕና → ናይ ነፍሰ ምጥፋእ ሓሳብ ወይ ከቢድ ዓርሰ-ጉድኣት

እንተ ደኣ ንነብስኻ ከቢድ ጉድኣት ኣውሪድካ ወይ ከምኡ ክትገብር ሓሲብካ፣ ናብ 999 ደውል ኣምቡላንስ ክትመጸካ ሕተት ወይ ብቐጥታ ናብ A&E (ክፍሊ ሓደጋን ህጹጽ ረዲኤትን ) ኪድ። እንተ ደኣ ነብሰ ቕትለት ሓሲብካ፣ናብ ሳማሪታንስ በዚ 116 123 ብምድዋል ኣዘራርቦም።

# መሰላት ጥዕናዊ ክንክን፣ መምርሒ ን ስደተኛታት

## ኩሉ ሰብ ኣብ GP (ሓፈሻዊ ሓኪም) ክምዝገብ መሰል ኣለዎ፣ ናይ ኣድራሻ መረጋገጺ፣ ኩነታት መንበሪ ፍቓድ፣ መንነት ወይ ናይ NHS ቁጽሪ ኣይድልዮን እዩ።




ኩሉ ሰብ ኣብ GP (ሓፈሻዊ ሓኪም)  ክምዝገብ መሰል ኣለዎ፣ ናይ ኣድራሻ መረጋገጺ፣ ኩነታት መንበሪ ፍቓድ፣ መንነት ወይ ናይ NHS ቁጽሪ ኣይድልዮን እዩ።
ኣብ ቀረባኻ GP ደሊኻ ብ ኦንላይን ተመዝገብ።
www.nhs.uk/nhs-services/gps/how-to-register-with-a-gp-surgery/

እንተደኣ ኣብ GP ንምምዝጋብ ተሸጊርካ እዚ ዝስዕብ ክትገብር ትኽእል፣

- GP ንኽትጥቀም ዘኽእል ካርድ ዳውንሎድ (ኣውርድ) ደሓር ነቲ ናይ GP ሪሰብሽን ኣርእዮ www.doctorsoftheworld.org.uk/gp-access-cards/
- ናብ NHS England (0300 311 22 33) ወይ Doctors of the World (0808 1647 686) ሓገዝ ንምርካብ ደውል።



## እዚም ዝስዕቡ ኣገልግሎት ጥዕና ንኹሉ ስበ ነጻ እዮም






- ናይ GP ምኽርን ክንክንን
- ናብ NHS 111 ናይ ቴሌፎን ናይ ምኽሪ መስመር ብምድዋል ዝርከብ ኣገልግሎት
- ኣብ ክፍሊ A&E ዝወሃብ ናይ ሓደጋን ህጹጽ ረዲኤትን ፣ ኣብ ብዘይ ቆጸሮ ዝእቶ ማዕከን፣ ክፍሊ ቅልል ዝበሉ መጉዳእቲ ወይ ናይ ህጹጽ ክንክን ማዕከን ዝወሃቡ ኣገልግሎታት
- መርመራን ክንክን ናይ ገለ ተላባዕቲን ብስጋዊ ርክብ ዝመሓላለፉ ሕማማትን
- ብ NHS ዝወሃብ ናይ ኮቪድ-19 ምጽራይ፣ መርመራ፣ ክንክን ከምኡ'ውን ናይ ክታበት ኣገልግሎሎታት
- ኣገልግሎት ውጥን ስድራቤት (መከላኸሊ ጥንሲ)
- ን ብማሕዩር፣ ምኽንሻብ ደቀንስትዩ፣ ዘቤታዊ ዓመጽ፣ ወይ ስጋዊ ዓመጽ ዝወርድ ኣካላውን ስነ-ኣእሙራውን ጸገማት ዝወሃብ ናይ ክንክን ኣገልግሎት













## ናይ ስፔሻሊስት ሕክምናዊ ኣገልግሎት ከማን ነጻ እዮም ን እኒ፣



- **ስደተኛታት**
- **ሓተቲ ዕቑባ**
- **ግዳይ  ወይ ጥርጡራት ዘመናዊ ባርነት**
- **ጽግዕተኛታት**



ሕቶ ዕቑባኦም ዝተነጸጉ ሰባት ከማን ነጻ ናይ NHS ኣገግልግሎት ክረኽቡ ይኽእሉ እዮም። ነጻ ናይ ሕክምና ክንክን እንተ ደኣ ዝግበኣካ ኮይኒ ኣረጋግጽ።
www.gov.uk/guidance/nhs-entitlements-migrant-health-guide

ኣብ ኢንግላንድ ብሓኪም ዝእዘዝ መድሃኒት፣ ናይ ስኒ ከምኡ'ውን ዓይኒ ክንክን ነጻ ኣይኮኑን እንተኾነ ግን ሓተቲ ዕቑባ ናይ ሆም ኦፊስ ገንዘባዊ ሓገዝ ዝወስዱ ኩሉ ናይ ሕክምናዊ ወጻኢታቶም ንምሽፋን ናይ HC2 ሰርቲፊከት ይወሃቦም። ዝኾነ ሰብ ነዚ ሓገዝ ከመልክት ይኽእል። ን ብኸመይ ከመልክት ብዝብል ኣብ ተውሳኺ ምኽሪ ረኤ።
www.gov.uk/guidance/nhs-entitlements-migrant-health-guide



UK Health Security Agency

ብምትብባር ምስ

MAYOR OF LONDON

NHS

March 2022